**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ**

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ብምኽንያት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ (መይ - ደይ)፡
# ብሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)
# ዝተዳለወ መግለጺ፤

ሎሚ ግንቦት ሓደ (መይ-ደይ)፡ በብዓመቱ እትኽበር፡ ታሪኻዊት ዓለም-ለኻዊት መዓልቲ ሸቃሎ (ሰራሕተኛታት) ዓለም'ያ። ስለዝኾነ'ውን ሸቃሎ (ሰራሕተኛታት) ኤርትራ፡ በብዓመቱ እናዘከሩዋ ጸኒሖምን ኣለዉን። ነዛ ዕለት'ዚኣ ዝዝክሩን ዘኽብሩን፡ ነቶም ፈላሞት ምእንቲ ረብሓታት ሸቃላይ እናተቓለሱ፡ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ነቶም ካብ ዘበነ ሓምሳታት ጀሚሮም፡ ኣብ ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ ቀጺሎም ድማ፡ ኣብ'ቲ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ ዝተኻየደ ነዊሕን መሪርን ዕጥቃዊ ተጋድሎና ዝተሰውኡ ሸቃሎ ኤርትራ'ውን ዘካተተ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዘበነ ጨካን ምሕደራ ርእሰ-ፋሽስት ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ ስርሖም እናተጸልጸሉ ናብ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ሕሰም ዝወደቑ፣ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ሳዋ ታዓሊሞም፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ዝተወልዐ ውግኣት፡ እናተጠበሱ ንሞትን ስንክልናን ዝተቓልዑ፡ ማሓዙቶም ሸቃሎ፡ እናዘከሩ ዘብዕሉዋ ዓለም ለኻዊት ክብርቲ ባዓሎም'ያ።

ኣብ ኤርትራ ሸቃሎ፡ ከም ኩሎም ሰራሕተኛታት ሃገርና፡ ናይ ጡሮታ መሰል ተነፊጉዎም፡ ብዓቢኡ ከኣ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቶም እናተጋህሰ ዝነብሩላ ሃገር እያ። ነዚ ሓቂ ዘረጋግጽ ንመንእሰይ ኤርትራ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዘይተወሰነ ጊዜ ጅሆ ብምሓዝ፡ ጉልበቱ ብሕሱር ዋጋ እናመዝመዘ ምስ ዘሎናዮ ዘመን ዘይማጣጠን ናብ ዘመነ ባርነት መሊስዎ ጸኒሑን ኣሎን። ብቐንዱ ድማ ፋሽስታዊ ኢሰያስን ስርዓቱን ንሸቕሊ ዘተባብዕ ናይ ኢንዱስትሪን ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎንትን ዝርጋሓ ወይ ድማ ኩሉ መዳያዊ ልምዓት ዘሳጋግር ኣንፈት ሰለ ዘይክተል፡ ነቲ ዝርካቡ ዝነበረ ፋብሪካ ዝበዝሐ ክፋሉ ዓጽዩ፡ ኩሉ ምንቅስቓሱን ተግባሩን ናብ ኹናት ገጹ ዝቐንዐ'ዩ። ስለ ዝኾነ ሸቃሎ ኤርትራ ተወዲቦም ንዕብየቶምን ንመሰሎምን ዘበርኽ መደባት ሰሪዖም ክብላሓቱ ዘይካኣልን ዘይሕሰብን'ዩ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም **ዝሃነጾ ስርዓት ከይተወገደ፡ ብሰላም ናይ ምንባር ይኹን ሰሪሖም ናብረኦም ናይ ምቕያር ዕድል ከምዘይብሎም፡ ከም ጸሓይ ቀ**ትሪ በሪሁ ዝረአን ዝፍልጥን'ዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ መንግስቲ ብልጽግና፡ ኣፍደገ ባሕርን ወደብ ዓሰብን ይግባኣና ኢሉ ብምስምስ፤ ልዕሊ 130 ሚልዮን ህዝቢ፡ ብዘይ ኣፍ-ደገ ባሕርን ወደብን ክነብርን ክምዕብልን ኣይክእልን'ዩ ዝብል እዉጅ ጎባጢ ፖሊሲ ሓንጺጹ፡ ብዝተፈላለዩ ስልቲታት፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርና ክግህስ ላዕልን ታሕትን ኣብ ምባል ይርከብ ኣሎ። ስለዚ ሸቃሎ ኤርትራ፡ ብሓደ ወገን ብኣረሜናውን ጨካንን ስርዓት ምሕደራ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ናይ ህልውና ሓደጋ ዘንጸላለዎም ክኸውን እንከሎ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ነጻነትን ልዑላውነት ሃገር ዝግህስ ከቢድ ናይ ህልውና ሓደጋ ኣብ ልዕሊኦም ኣብ ዘንጸላለወሉ እዋን'ዮም ዓለም ለኻዊት በዓሎም ኣብ ምኽባርን ምዝካርን ዝርከቡ።

ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብሽም ሰራሕተኛታት ዝተወደበ፡ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃማሰኤ) ዝባሃል እንተሃለወ'ኳ፡ ንኹሎም ኣብ ልዕሊ ሸቃላይ ኤርትራ እናወረዱ ዝመጹ ዓበይቲ በደላት፡ ካብ ምሽፋን ሓሊፉ፡ ረብሓኦም ክጣበቕ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ስለዝኾነ'ውን፡ ግንቦት ሓደ (መይ-ደይ) ሸቃሎ ኤርትራ፡ ምስ ኩሎም ህዝብታት ኤርትራ፡ ዓቕሞም ኣዋሃሂዶም፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገሮም፡ ካብ ወራር መንግስቲ ብልጽግና ኣብ ምክልኻል ይኹን፡ ሙሉእ ሰላምን ሓርነትን ዘጓናጽፍ፡ መሰረታዊ ረብሓታቶም ዘረጋግጽ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጸረ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ተጋድሎ፡ እጃሞም ከበርክቱ፡ ዘለዎም ድሉውነት ዘሕድሱላ፡ ክብርቲ ዓለም ለኻዊት ባዓሎም'ያ። ውድብና ሰደግኤ፡ ሸቃሎ (ሰራሕተኛታት) ኤርትራ፡ ከም ኩሎም ህዝብታትና፡ ግዳይ ጨካን ምሕደራን፡ ገደብ ኣልቦ ምዝመዛን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ኮይኖም ዝጸንሑን ዘለዉን ምዃኖም ብምእማን፡ ንሙሉእ ደርባዊ ሓርነቶም ኣብ ዘካይዱዎ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ፡ ካብኡ ዝጥለብ ናይ ቃልሲ እጃም ከም ዘበርክት ኣብ'ዛ ታሪኻዊት ዕለት፡ ማዓልቲ ሸቃሎ (መይ-ደይ) የረጋግጽ።

ግንቦት ሓደ ዓለም-ለኻዊት መዓልቲ ሸቃሎ ንዘላኣለም ተኸቢራ ትንበር!!
ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና፡ ጽንኩራት መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!
ዝኽርን ክብርን ንኹሎም ሰማእታትና!!

ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)
01-05-2026 ዓ.ም.